ኮሚሽን ፖሊስ ክልል ትግራይ ኣብ 2016 ዓም በጀት ዓመት ብ UINDP ዝተደጎመ በጀት ን ፖሊስ ኮሚሽን ክልል ትግራይ ዞባታትን ወረዳታትን ግልጋሎት ዝዉል ኣቀሑት መሳርሒ ፅሕፈት ከምእዉን ኮሚሽን ፖሊስ ካብ መደበኛ በጀት 2016 ዓም ጨረታ ወፂኡ ብዝተፋፈላለየ ምክኒያት ዝተንጠባጠበ ማለት እዉን ዝተረፈ ንብረት ብነጋዶ ክኣትዉ ዘይካኣሉ መለዋወጢ ኣቅሑት መኪና ማለት እዉን ስፔር ፓርት ካብ ሕጋዊያን መቅረብቲ ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሕዳር 26, 2016 (ልዕሊ 3 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 5, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 5, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ኣብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ዝኮንኩም ናይ ወርሒ መስከረም 2016 ዓም ሒሳብ ዘፍለጥክምሉ መረዳእታ ክተቅረቡ እትክእሉ

2 ናይ 2015 ን 2016 ዓም ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ ከምእዉን ዝተሐደሰ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት ዘለኩምን አታሓሒዝኩም ክተቅርቡ እትክሉ

3 መለለይ ቁፅሪ ከፍልቲ ግብሪ ዘለኩም አታሓሒዝኩም ክተቅርቡ እትክሉ

4 መከበሪ ጨረታ ንመሰራሒ ፅሕፈት 15000 ቅርሺ ንመለዋወጢ ኣቀሑት መኪና ማለት እዉን ስፔር ፓርት 15000 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብስፒኦ ምስ ሰነድ ጨረታ ብዝተዓሸገ ፖስታ ክተቅርቡ እትክእሉ

5 ተወዳደርቲ ንዝሰዓርዎ ንብረት ኣብ ዉሽጢ 3 መዓልቲ ዉዕሊ ኣሲሮም ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲ ብናይ ባዕሎም መጎዓዚ ናብ ኮሚሽን ፖሊስ ክልል ትግራይ መቀለ ከቅርቡ ዝክእሉ

6 ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ 200 ቅርሺ ብምክፋል ኣብ ዝመለእዎ ሰነድ ጨረታ ማህተምን ፊርማን ሙሉእ ኣድራሽ ምስ ቁፅሪ ስልኪ ክገልፁ ዝክእሉ ካብ ዕለት 25 ሕዳር 2016 ዓም ክሳብ 5 ታሕሳስ 2016 ዓም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ዘሎ ግዘ ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮሚሽን ፖሊስ ክልል ትግራይ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ብዝተዓሸገ ፖስታ ዋናን ቅዳሕን ብምፍልላይ ምእታዉ ዝክእሉ ኮይኖም ጨረታ ዝክፈተሉ እዋን ኣብቲ ዕለት ንሱ ልክዕ ሰዓት 4:30 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይከዉን

7 ኣብ ናይ መቅረቢ ዋጋ ዝተመለ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ን10 መዓልቲ ይከዉን

8 ብተወሳኪ እዉን ተወዳደርቲ ንሕድሕድ ንብረት እትመልእዎ ተወሳኪ አሴት ታክስ ታሓዊስዎ ትወዳደሩ ከምዘለኩም ክትፈልጥዎ ይግባእ

9 ኣብ ሰነድ ጨረታ ካብ ዝተዉሃበኩም ረቆሒ ወፃኢ ካሊእ ናይ ባዕለኩም ሓሳብ ኮነ ምብርሂ ምሃብ ተቀባልነት ዘይብሉ ምካኑ ክትፈልጡ ይግባእ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10 ሰዓራይ ጨረታ ዉዕሊ እንትኣስር ዉዕሊ መከበሪ 10 ሚእተዊ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብስፒኦ ከትሕዝ ዝክእል

11 እቲ ኮሚሽን ዝሐሸ መማረፂ እንተኪቡ ነቲ ጨረታ ብመሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

12 ብተወሳኪ እዉን 20 ሚእታዊ ናይ ምዉሳክ ወይ ምቅናስ ዝከኣል ኮይኑ ተወዳደርቲ መምሊእ ዋጋ ካብ ኮሚሽን ፖሊስ ክልል ትግራይ መቐለ ዝወሰድ ሰነድ ጨረታ ጥራሕ ክከዉን አለዎ

ንዝበለፀ ሐበሬታ  09344406577

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle